# ጉዕዞ ኣብ ተዘክሮታተይ

ደራሲ : **ኣሕመ ድ ጣህር ባዱሪ**




ኣእምሮ ወዲ ሰ ብ ናይ ምርሳዕ ጸጋ ወይ ህያብ እ ተዓደለ`ዩ። እ ዚ ፍሉይ ባህሪ`ዚ ተፈጥሮኣዊ ኮይኑ፡ ሓደ ካብ ምስጢራት ህላወ`ዩ። ልክዕ`ዩ፡ ኣእምሮ፡ ሞት ምህላዋ ዘኪሩን ንዘል ኣለምካ ብ ህይወት ክስወ ር ም ኟኑ ተረዲኡን ኣብ ቐጻሊ ፍርህን ጭ ንቀትን ከይኣቱ ዝ ከላኸለሉ ነ ገ ር እ ንተሎ፡ እ ዚ ናይ ምርሳዕ ባህሪኡ`ዩ። ስለዚ` ክርስዕ ዓቕሚ ካብ ሃለዎ፡ ንክምሕርን ካብ ቂም፡ ሕነ ምፍዳይ፡ ጽልእን ቅርሕንትን ክርሕቅ`ውን ዓቕሚ ይህልዎ`ዩ።

ይኹን`ምበር፡ ምርሳዕ ናቱ ኣሉታዊ ሸነ ኻት ኣለዎ። ወዲ ሰብ፡ ከምህይወታዊ ፍጡር፡ ንንጥፈታት ህይወቱ ዝምልከቱን ዝሕብሩን ጭብ ጥታት ከይተረስዑ ከልዝውመ ዘ ኻኸሪ ም ስልታትን ጽሑፋትን ወይ ኣሰራትን እ ንተ ዘይገ ይሩሎም፡ ቀልጢፎ ም`ዮምዝጠፍ ቑ ን ዝርስዑን። ንዚ ዝምልከት ሓደ ገ ጣማይ ከምዚ ይብል፡

ጽሑፍ ድሕሪ ጸሓፊኡ ንዘ መና ት ይነ በር

ድራሲኡ ትሕቲ ባይታ ተደብ ዩ እ ንከሎ፡ ንዘልኣለምይዝ ከር

ነ ዊሕ ዓመታት ምስ ሓለፈ፡ ፍጻሜታት ምስ ተድራረቡ፡ ወዲ ሰብ ብባህሪኡ ስለዝርስዕ፡ ናይ ምዝካር ዓቕሙ ይኣርግ። ብ ህይወቱ ኸሎ ቀልጡፉ ነ ቲ ዝዝ ክሮ

ፍጻሜታት ኣብ ጽሑፍ ወይ ብዝኾነ መልክዕ ኣሰር እንተ ገዲፉ ግና፡ እቲ ታሪኽ ንዘልኣለም ይነብር። እንተዘይኮነ ግና፡ እቲ ሰብ፡ ኣብዛ ዓለም ከምዘይነበረን፡ ዘልኣለማዊ ልቦና (Wisdom) ናይ ፍምጣሩን ህላዌኡን ዘይፍለጥ ልክዕ ከምዝኾነ እንስሳ`ዩ ዝሓልፍ።

እዚ ሓቂ`ዚ፡ ኣብ ሜዳ ከለኹ ጀሚረ ንነዊሕ ጊዜ`ዩ ከተሓሳስበኒ ጸኒሑ። ፍጻሜታትን ሓቅታትን ኣብ ባይታ ይዕዘብ ነይረ። ብዙሕ ሕሉፍን ህልውን ዝመጽእን ክፍለጥ ክኢለ። ሓሳባት ኣብ ኣእምሮይ እንተሓቑነ ከም ሰብ መጠን ድቃስ እኽልኣኒ ነይሩ። እብ ሜዳ፡ ምስ ብዙሓት ፍቱዋት ብጾተይ መጋደልተይ ተኻቲዐን ሓሳባት ተለዋዊጠን፡ ኩሎም ብጾተይ ንኽጽሕፍ የትባብዑኒ ነይሮም። ብዙሓት ካብቶም ብጾት፡ ዓማሞም ፈጺሞም ብጅግንነትን ክብርን ብመስዋእቲ ዝተፈለዩኒ ክኾኑ ከለው፡ ካልኦት ድማ ክሳዕ ሕጂ ብህይወት ኣለው። ዛንታ ናይዚ ጅግና ወለዶ`ዚ ከይርሳዕ ብቐጻሊ ንኣእምሮይ ክርብሾን ድቃስ ክኸልኦን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ከሳጽየኒን ጸኒሑን ኣሎን።

ናጽነት ምስ ኮነ፡ እንታይ ክገብር እኽእል ኢለ ንነብሰይ ክሓታ ጀምርኩ። ብዛዕባ`ዚ ዝተሓላለኸ ነዊሕን ታሪኽ በኸመይ ገይረ ኪገልጾ? ኣየናይ ኣገባብ ኣቀራርባ ክኽተል? ብምባል ምስ ነብሰይ ብምክታዕ እዚ ሕጂ ሒዘዮ ዘለኹ ኣገባብ ክኽተል መሪጸ። ምስ ትሕዝቶኡን ምስቲ ዝብሎን ዝረኣየንን ዝኸይድ፡ ``ኤርትራ፡ ጉዕዞ ኣብ ተዘክሮታተይ`` ዝብል ኣርእስቲ ድማ መሪጸ።

ከዛረብ ግደፉኒ ክብለኩም ኣፍቅዱለይ።

ከምቲ ዝበልኩዎ፡ እዚ ሓሳብ`ዚ ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ከሳጽንኒ`ዩ ጸኒሑ። ከይጽሕፍ ብዙሕ እዋን ሓሳብ ኣደይበን ኣውሪደን`የ። እዚ ድማ ብዘይ ውድዓዊ ምኽንያታት ኣይነበረን።

ከም ልምዲ፡ እቶም ብጾተይ ተጋደልቲ፡ ብፍላይ እቶም ገዳይም፡ እቲ ጊዜ ኣይኣኸለን ብዝብል ምኽንያት ብዛዕባ`ቲ ባዕሎም ዝሰርሑዎ ታሪኽ ሰውራ፡ ተዘክሮታት ቃልሲ፡ ምስቲ ኾሉ ጥዑምን መሪርን ህይወት፡ ሓጐስን ሓዘንን፡ ዓወትን ፍሽለትን፡ ብዛዕባ ነብሲ ወከፎም ዝሓለፎ ተመክሮ ብመንገዲ ተዘክሮታት ይኹን ወይ ሓበሬታታት ክጽሕፉ ወይ ክሓትሙ ተበግሶ ካብ ምውሳድ ክቑጠቡ ጸኒሖም። እዚ ክብል ከለኹ ግና፡ ውሑዳት ካብቶም ገዳይም ተጋደልቲ ተበግሶ ኣይወሰዱን ማለት ኣይኮነን፡ ዝወሰዱ ኣለው። ከም ኡ`ውን ካብቶም ሓድሽ ወለዶ ማለት ካብቶም እብቲ ናይ መጀመርታ ኣገደስቲ መድረኻት ሰውራ ዘይነበሩን ሰውራ ኤርትራ እግሪ ምስ ተኸለ ተሰሊፎም ክሳብ ምዕዋት ብረታዊ ቃልሲ ኣበርክቶ ዝገበሩን ተጋደልቲ ዝትወስደ ናይ ምጽሓፍ ተበግሶታት ኣሎ።

በዚ ኣጋጣሚ፣ ምስጋንይን ኣኽብሮተይን ንቶም ነዚ ተበግሶ ወሲዶም ብዙሕ ጠቓሚ ሓበሬታ ዝለገሱልና ብጾት ብፍሉይነት ክንጠቅስ። ንሳቶም ኸኣ፡ ስውእ ተጋዳላይ መሓመድ ስዒድ ናውድ፡ ብጻይ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፡ ብጻይ መምህር ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ስውእ ተጋዳላይ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ብጻይ ዶክተር ተኸስተ ፍቓዱ፡ ብጻይ ኢድሪስ ስዒድ ኣበዓረ፡ ተጋዳላይ ሰለሙን ድራር፡ ስውእ ተጋዳላይ ገብረእግዚኣብሄር ጋይም፡ ስውእ ተጋዳላይ ዑስማን ሳልሕ ደንደን ካልኦትን ይርከብዎም። ካልኦት`ውን ነዚ መንገዲ ክስዕቡ እምነ።

እቲ ናተይ ወለዶ ምእንቲ ከይጽሕፍ ዘቕርቦ መመኽነይታታት ቅቡል ዲዩ ኣይኮነን ብዘየገድስ፡ ክሳብ ሕጂ ዕንቅፋት ኮይኑ ጸኒሑ`ሎ። ምናልባት ትሕትናን ነብሰ ምምቕላልን ተራ ከይሃለዎ ኣይተርፍን እብል።



ብርዒ ሒዘ መጽሓፍ ቅድሚ ምጅማረይ ንዓይ`ውን ከምዚ ዓይነት ሓሳብ ኣ ብኣእምሮይ መጺኡ`ዩ። ካብ ስክፍታ ድዩ ካልእ ምኽንያት ኣይፈልጥን፡ እቲ ሓሳብ ንኣእምሮይ ተቆጻጺሩ ``ኣይትጽሓፍ!`` ዝብል ትእዛዝ ኣብ ውሽጠይ ክግንፍል ጀሚሩ። ምናልባት ብ ኣጋጣሚ ዝተጋህደለይ ይኸውን ወይ ምስቲ ዝደጋገም ዝነበረ ፍጻሜታት ተኣሳሲሩ ዝመጸ ሓሳብ፡ ምስ ነብሰይ ብዙሕ ድሕሪ ምልዛብ ነቲ ብደሆ ክገጥሞ ወሲንኩ። ድ ሕሪ`ዚ ዕድመ`ዚ ዝኾነ ይኹን እቲ ዋጋ፡ ክጽሕፍ ኣለኒ ኢለ ተበጊሰ። ዕድመ፡ ንዝኾነ ዕድል ኣይህብን`ዩ፣ ምስ ዝኾነ ኸኣ ቆጸራ ኣይገብርን`ዩ። ስለዚ፡ ``ዝተጸሓፈ ይነብር፡ ዝተጸንዐ ይበንን፡`` ዝብል ምስላ ለባማት ልክዕ ነዚ ኾነት`ዚ እዩ ዝገልጽ።

ናይ ኣጋጣሚ ኮይኑ ብዘይ ቆጸራ ሓደ ሰብ ቴሌፎን ደወለለይ። እቲ ደዋላይ ዩስፍ ኢድሪስ ቦሊስ`ዩ ነይሩ ።

ኣብቲ እዋን`ቲ፡ ዩስፍ፡ ናይታ ብሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትርራ ትዳሎ ዝነበረት ብቋንቋ ዓረብ ``ኣልነብድ`` ብቋንቋ ትግርኛ ድማ``ትርግታ`` ዝብል ስም

ሒዛ ትሕተም ዝነበረት ጋዜጣ ኣሰናዳኢ`ዩ ነይሩ። ኣብታ ጋዜጣ ጽሑፋት ከበርክት ሓቲቱኒ። ኣነ ድማ ብዘይ ቆጸራ እቲ ጊዜ ኣኺሉ ብምባል ከይትዋላወልኩ ሕራይ ኢለዮ። ሓደ ሓደ ዓንቐጻት ክጽሕፍ ተመባጺዐሉ። ብውሽጠይ እቲ ሓሳብ ደስ ኢሉኒ። ምኽንያቱ፡ ነቲ ንነዊሕ እዋን ከዋላውለኒን ዕንቅፋት ኮይኑኒን ዝጸንሐ ሰነ -ኣእምሮይ ፈቲሸ እቲ ኣብ ቅድመይ ተገቲሩ ዝነበረ ገዚፍ ማዕጾ ርሕዩ ክኸፈት ተፈለጠኒ። ኣብ ፈጣሪየይ ተመርኲሰ ቀዳማይ ስጉምቲ ክወስድ ወሰንኩ። ልክዕ ከምቲ ማኦ ጸ ቱንግ፡ ``ናይ ሽሕ ማይል ጉዕዞ፡ ብሓንቲ ስጉምቲ ይጅምር፡`` ዝበሎ ኣሚነ ጉዕዞይ ፈለምኩ።

ካብ ወሰንኩን ጉዕዞ ካብ ፈለምኩን፡ ብመጀመርታ ንክቡር ኣንባቢ ክብሎ ዝደሊ መዘኸሪ ኣሎኒ። ንሱ ኸኣ፡ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ ቐንዲ ምኽኒያት፡ መሰል`ዚ ሓዲሽ ወለዶ ሃገረይ ንምኽባር`ዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ዘሎ ይኹን ዝመጽእ ወለዶታት ኩሉ ሓቅታት ክፈልጥን ዕምቖት ናይቲ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ሓርነትን ናጽነትን ዘካየዶ ተኣምራታዊ ቃልሲ ክግንዘብን ይግበኦ`ዩ ዝብል እምንቶ ስለ ዘለኒ።

ታሪኽ፡ ካብቲ ሓቀና ምንጩ ክውሰድ ኣለዎ። ምንጪ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኸኣ፡ እቶም ክሳብ ሎሚ ንኸንነብር ዕድል ዝረከብና ተጋልቲ ኢና። እቶም ከቱር ናይ ምጽሓፍ ድልየት ዘለዎ ምተተባቢያም ከም ዝጽሕፉ ምግባር ኣገዳሲ`ዩ። ምኽንያቱ፡ ምስናድ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ሓያልን ድኹምን ጐድንታት ብዘየገድስ፡ ዋላ`ውን ምስ ናይ ውልቀ ሰብ ተሞኹሮ ተኣሳሲሩ ይቕረብ፡ ብዝተፈላለየ መልክዓት ሰነ ጥበብ ክግለጽ ክኽእል ኣለዎ።

እዚ ኸኣ ሓላፍነት ናይ ነብሲ ወከፍ ኣባል እዚ ወለዶ እዚ`ዩ። ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ካብዚ ሓላፍነት`ዚ ምህዳም ኣይግባእን። ምኽንያቱ ኣብ ኣኣምሮ ነብሲ ወከፍና ማእለያ ዘይብሉ ዝርዝራዊ ተዘክሮታትን ደቂቕ ኣፍልጦን ታሪኽ ጉዕዞ ሰውራ ኤርትራ ተኸዚኑ ስለ ዘሎ።

ክሳብ`ዚ መወዳእታ 20 ክፍለ ዘበን፡ ኣብ ኣፍሪቃ፡ መዳርግቲ ዘይርከቦ ጉዕዞ ሰውራ ኤርትራ፡ ገዚፍ መኽዘን ተዘክሮታት ከምዘለዎ ኣረጋጊጸ እፈልጥ`የ። ብፍላይ እቶም ኣብ መጀመርታ ሱሳታት ዝነበሩ ዝተፈላለየ መድረኻት ሰውራን ምዕባሌታቱን መሪር

መደረኻቱን ዝረኣዩን ክሳ ብምሉእ ዓወት ዝነበሩን ዘለውን ተጋደልቲ ብዙሕ ክብሉዎ ዝኽእ ምህላው ዝ ሰሓት ኣይመስለንን።

እዚ ካብዚ መቕድም`ዚ ጀሚረ ዝጽሕፎ ዘለኹ መጽሓፍ፡ ከምቶ ምናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ዘካይድዎ ኣካዳሚያዊ ወይ ኣብ ፍሉይ ኣ ርእስቲ ዘተኮረ መጽናዕቲ ወይ ኸኣ ሓቅታት ታሪኽ ከምዘለዎ ንምስፋር ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፡ ተዘክሮታት ብዛዕባ ባዕለይ ኣብ መ ድረኽ ቃልሲ ዝተማሃርኩዎ ዝተሳተፍ ኩዎን ዝተመኮርኩዎን ፍጻሜታት`ዩ ክኸውን።

ስለዚ፡ ካብቲ ሰፊሕ ባሕሪ ፍጻሜታት ሰወራ በቲ ብውልቀይ ዝመረጽኩዎ ኣገባብ ኣጻሓሕፉ፡ ውልቃዊ ተመኹሮይ ምስቲ ሓባራዊ ተመክሮ እና ዛመድኩ ኣቕሪበዮ ኣለኹ። እተን ኣብ ህይወተይን ተመክሮይን፡ ኣብ ገድሊ ዘጋጠሙኒ ኣገደስትን ኣገረምትን ፍጻሜታት፡ ንሓድሕደን ዝተኣሳሰራን ዝ ጸላለዋን`የን።

ኣብዚ ኸኣምነሉ ዝግባኣኒ ነገር እንተሎ፡ ኣብቲ ኣነ ዘቕርቦ ተዘክሮታት`ን ንኣጠማምታይ ዝገልጽ ጽሑፍን ምናልባት ገለ ካብ ብጾተይ ምሳይ ኣይሰማምዑን ይኾኑ`ዮም። ካልኦት ተመሳሳሊ ከምናተይ ንባብ ዘለዎም ከምዘለው`ውን እኣምን`የ። ኣብ ኣናብባ ፍጻሜታት ታሪኽ ነናትካ ትንታነን ውልቃዊ መረዳእታን ክህለወካ ናይ ህላወን ህይወትን ባህሪ`ዩ። ነብሲወከፍ ሰብ ናቱ ሓሳባትን ኣጠማምታን ክህልዎ መስሉ

ይኹን`ምበር፡ ናይ ኹሉ ሰብ ኣረኣእያን ዕላማን ንስልጡን ሓባራዊ ረብሓ ዝዕቕብን ዝከላኸልን ከምኡ`ውን ናይ ኩሉ ሰብ ኣረኣእያን ዕላማን ንስልጡን ሓባራዊ ረብሓ ዝዕቕብን ዝከላኸልን ከምኡ`ውን ካብ ዝኾነ ሕማማትን ቅርሕንትን ናጻ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ውሽጢ`ዚ ዝህሉ ፍልልይ ናይ ኣጠማምታ ነቲ ታሪኽ የሀብትሞ`ምበር፡ ጸገም ይፈጥር`ዩ ዝብል እምንቶ የብለይን።

ኣብዚ ክገጥሞ ወሲነ ዘለኹ ዓውዲ-ኩናት`ዚ፡ ፈረስ ተዘክሮታተይ ተወጢሑ፡ ሴፈይ ብርዓይ ኮይኑ ኣብ ሜዳ ጸዓዱ ወረቓቕቲ ክድብል`የ። ዝኸኣለኒ ላዕልን ታሕትን ክጓየ`የ።

ኣቐዲመ ከዘኽኽሮ ዝደሊ ግን፡ እንተ ረሲዐ ወይ ብዘይፍላ ጥ እንተ ተጋግየ ሃናጺ ርእይቶኹም ክትልግሱለይ እምሕጸን። ናይ ዓረብ ምስላ ከምዝብሎ፡ ``ካብ እግሪ መልሓስ ትዕንቀፍ፣ ጅንጉላይ ፈረስ`ውን ሸተት ኢሉ ይኹለፍ፡ `` ከምዝ በአሃል፡ ዝሓሰብኩዎ ክሰምረለይን ብዝግባእ ዛዚመዮ ኪኸውንን እትስፎ።

**ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ**